# ህልቂት ዖና፣
# ብህይወቶም ዝተረፉ እንከዘንትዉ!!

**ጋንታ ንሓርነት.ኮም**

**ከም ወትሩ ፣ ሎሚ 1 ታሕሳስ 2005 ንስዉኣትና እንዝክረላ መዓልቲ ኢያ፡፡ ክብርን ዘለኣለማዊ ዝኽርን ንስዉኣት ኤርትራ !! ካብዚ ቀጺልና ፣ ዘየንበቦ ምእንቲ ክፈልጦን ክጥቀመሉን ፣ ነቲ ዓሚ በዛ መዓልቲ እዚኣ ዘቕረብናዮ ጽሑፍ እንደገና ንኣንበብትና ብኣኽብሮት ነቕርበሎም፡፡**

***

ውድብ ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ብዙሕ ጽሑፋቱ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ መጽሔት ዓወት ቍጽሪ 29 ናይ ታሕሳስ 1987፣ ከምኡ ኻኣ ኣብ ዓወት ናይ ታሕሳስ 1988 ሓታሙ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ብመግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ እተፈጸመ ኣስካሕካሒ ጃምላዊ ቅትለታት ፍሉይ መጽናዕትታት ብምግባር ዘርዚሩ ኣስፊርዎ ነይሩ፡፡ ነቲ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ሃገርና እተፈጸመ ህልቂታት ንምግላጽ ከኣ ናይ ብዙሓት ካብቲ መቕተልትታት ከም ገለ ዝደሓኑ ደቂ ሃገር እናረኸበ ናይ ዓይኒ መሰክርነቶም ብመልክዕ ቃለ-መሕተት እቲ እተጠቕሰ ሕታማት መጽሔትና ኣቕሪቡዎ ምንባሩ ይዝከር፡፡ ብዛዕባ ህልቂት ዖና ናይ 1 ታሕሳስ 1970 እውን እታ እግራ ተቔሪጻ ዝተረፈት ዓፍየት መሓሙድን፣ ካልኦት ናይ ዓይኒ-መሰኻኽርን ናይ ቀረባ ተዓዘብትን ቃሎም ሂቦም ነይሮም፡፡ በዚ ናይ ሎም-ዘመን ባሕቲ ታሕሳስ መዓልቲ ሰውኣትና፣ ካብቲ ቅድሚ 17 ዓመት ብመልክዕ ቃለ-መሕተት ዝሃብዎ ምስክርነት ንኣንበብቲ ከነቕርብ እንከሎና ጠቓሚ ኰይኑ ይስመዓና፡፡ እቲ ኣብ ካልእ ቦታታት (ንኣብነት ኣብ ዓድታት ሃዘሞ፣ዲያት፣ ምስያም፣ ዓዲ-ቈንጺ፣ ደብረሲና፣ ባርካ፣ ኡምሓጀር፣ ሕርጊጎ፣ እምበረሚ፣ ወዘተ) ኣብ ልዕሊ ህዝብና እተፈጸመ ህልቀታት እውን ብኹሉ መልክዓቱ ነቲ ናይ ዖና ዝመሳሰል ሰለዝኾነ ንሓፈሻዊ ፍልጠትን ሓበሬታን ኩሉ ኣንባቢ ንዚ ቀጺልና እነስፍሮ ጽሑፍ ብተገዳስነት ከንብቦ ንላቦ።

(ቅድሚ ከምኡ ምግባርና ግን ብዛዕባ ገለ ናይ ታሪኽ መኤረምታታት ክንጠቅስ ኢና፡፡ ርግጽዩ ህልቂት ዖና ቅድሚ 34 ዓመት ኢዩ ተፈጺሙ፡፡ ዳርጋ ኣብ ናይ “ቀደም” ዛንታ እናኣተወ ምኻዱ ኢዩ፡፡ ብዙሕ ጊዜ ናይ ምሕላፉ ምኽንያትውን ይኸውን ኣብ ኣተራርኻ ገለ-ገለ ሓቅታት ብረታዊ ቃልስና ጌጋታትን ምጥርጣራትን ክርከብ ዝጅምር ዘሎ፡፡ ንኣብነት ፣ ኣብቲ ብባሕቲ ታሕሳስ 2004 ብምኽንያት መዓልቲ ሰውኣት ንዝኽሪ ህልቂት ዖና ጠቒስና ኣብ ዘቕረብናዮ ናይ እንግሊዘኛ ጽሑፍ ፣ ሽዑ ጊዜ ኣብ ከረን ዝነበረ ሓው ሳልሕ ቃዲ መኤረምታ እቲ ጽሑፍና ከም ዝለኣኸልናን ኣብ ንሓርነት ዳትኮም ከም ዘስፈርናዮን ዝዝከር ኢዩ፡፡ <u>ከም ኣበሃህላ ሓው ሳልሕ ከኣ፣</u> <u>መዓልቲ ህልቂት ዖና ቀዳመይቲ መዓልቲ ዒድ ድኣ እንበር ናይ ሓዘን ወይ ተዝካር መዓልቲ ኣይነበረትን</u>፡፡ ኰይኑ ግን፣ ኣብ ሓያለይ መጽሔታትና ሰፊሩ ከም ዝነበረ፣ ከምኡ ኸኣ ካብቲ ህልቂት ምስ ዝተረፉ ሃገራውያን እተገብረ ናይ ምስክርነት ቃለ-መሕተት ከም ዝሕብሮ፣ እቲ መዓልቲ ህልቂት ዖና ሳልሳይ መዓልቲ ናይ ዒድ ከም ዝነበረ ይዝንቶ፡፡ ናይ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተግባራት በቲ ሰሙናት እቲ ፣ ንናይ ጀነራል ተሾመ እርገቱ ሞት ሕነ ናይ ምፍዳይ ውሳኔ ምንባሩ ርግጽ ኢዩ ፡፡ ንዕለት 29 ታሕሳስ 1970 እቲ ቅትለት ኣብ ርእስቲ ንዒድ ኣብ ከረን እተኣከበ ህዝቢ ክፍጸም ተሓሲቡ ነይሩ፣ ግን ኣብ ሕለት-ሱዳን እተላዕለ ባርዕ ሓዊ ናይቲ እኩብ ህዝቢ ፋሕ-ፋሕ ምባል ስለዘኸተለ እቲ ተወጣዊጦምሉ ዝነበሩ ናይ ቅትለት ተግባር ተኾሊፉ ዝብሉ ብዙሓት ካብቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ኣሎዉ፡፡ ኣብ ክንዲ ከረን ግን ንጽባሒቱ ቅትለት ኣብ በስክዲራ ተፈጺሙ፡፡ ኣስዒቡ ከኣ ብዕለት 1 ታሕሳስ ኣብ ዖና፡፡ እቲ ሕቶ ከመይ ኢሉዩ ብኣሽሃት ዝቝጸር ህዝቢ ኣብ ሓንቲ ንእስቶይ ዓዲ ተረኺቡ ንሞት እተዳረገ ዝብል ኢዩ፡፡ መልሱ ከኣ፣ ዖና ሽዑ ዓመት ብወተሃደራዊ ትግዛዝን “እስትራተጅን” መንግስቲ ኢትዮጵያ መኤከቢት ብዙሕ ዓድታት ኰይና

ነይራ፡፡ ከምኡውን ንሐዘንን ንተዝካርን በቲ መዓልቲ ህልቂት ኣብ ያና እተኣከበን እተለከመን ስድራቤታት ሓያለይ ነይሩ፡፡ ሳልሳይ መዓልቲ ናይ ዒድ ምንባሩ ከኣ ብተደጋጋሚ በቶም ቃለ-መሕተት ዝቐረበሎም ሃገራውያን ተገሊጹ፡፡ ስለዚ፡ ንሓው ሳልሕ ቃዲ በቲ ናይ ምእራም ተገዳስነቱ እናኣመስገና እቲ ቅትለት ያና ቀዳማይ መዓልቲ ዒድ ዘይምንባሩን፡ ካብ ሓደ ሓዘን ንላዕሊ ኣብቲ ዓዲ ከምዝነበረን ዝሕብሩ ምህላዎም ንታሪኽ ንጠቕሶ፡፡)

**<u>ቃለ-መሕተት ምስ ዓፍየት መሓሙድ፤</u>**

ወኪል መጽሔት ዓወት ንዓፍየት ብ1987 ኣብ መደበር ስደተኛታት ዓዋድ ሕለት-ማርያ (ሱዳን) ረኺቡ ኣዛሪቡዋ፡፡ ገለ-ገለ ካብቲ ዝሃበቶ ሓበሬታ ኣሕጺርና ንኣንበብትና ነቕርበልኩም ኣሎና፡፡

<u>ሕቶ፡-</u> ቅድሚ መዓልቲ ምቅተልቲ ያና እንታይ ትዝክራ?

<u>መልሲ፡-</u> ቅድሚኡ ሓደ ሰሙን ኣቢሉ፡ ጦር ካብቶም ኣብቲ ጀራዲን ዝሰርሑ ኣርባዕተ መንእሰይ ቀቲሎም፡፡ እተቐትሉ ኣደምን ሓምድን ክልተ ከኣ ካብ ገዛ ወረቐት ዝመጹ ክርስትያን ኢዮም፡፡ ድሕሪኡ ንኢብራሂም ከሱራይ እተባህለ ናይ ጀብሃ ሙራስል (ተላኣኣኺ) ወረቐት ተረኺብዎ ኢሎም ቀዳም መዓልቲ ጦር ቀቲሎምዎ፡፡ ሰብ ኣብ ፍራሑ (ሓዘኑ) ከሎ ሞት ያና ኣርኪባ፡፡

<u>ሕቶ ፡-</u> ወተሃደራት ጸላኢ ንያና እንታይ ጊዜን ብኸመይ ኣገባብን መጺኦምኹም ?

<u>መልሲ ፡-</u> ጊዜ ኣጋ ንግሆ ነይሩ። ኣነ 7 መካይን ርእየ፡፡ ወተሃደራት ወሪዶም ብቐጥታ ንዝረኸብዎ ሰብ ጥይት ከፊቶም ምቕታል ጀሚሮም፤ ቀጺሎም ናብቲ ኣንዱ ሓዊ ኣእትዮምሉ፡፡ ምቕታልን ምንዳድን ብሓደ ጀሚሩ። እቶም ኣብ ሓዘን ናይ ኢብራሂም ከሱራይ ዝጸናሕና ህድማ ፈቲንና፡፡ ክንሃድም እንከሎና ጥቓይ መካ ዑስማን እንከላ ቦምብ ይድርበየልና፤ ኣብ ከባቢ ብርኪ እግረይ እህረም፡፡ ሰውነተይ ብደም ይሕጸብ፤ ካብ ዝወደቕኩዎ ድማ ኣይትንስእን። መካ ዑስማን ገዲፋትኒ ከይትኸይድ ኣብ ጐድነይ ትድቅስ፡፡ ሓደ ጦር ሰራዊት ርእዩ ተንስኢ! ይብላ፡፡ ተንሲኣ ምኻድ ምስ ጀመረት ብጥይት ቆሊቡ ቁልቍል ኣፋ ይደፍኣ፡፡ ሽዑ እውን ሓማተይ ምስ ክልተ ደቃ ካብቲ እንዳ ሓዘን እናሃደመት ትቕተል፡፡ ሰብ ኣብ ገዛውቱ ነዲዱ፡፡ ጦር ሰራዊት ሰዓት 9 ጀሚሮም ሰዓት 10 ኩሉ ምቕታልን ምንዳድን ወዲኦም ንከረን ተመሊሶም፡፡

<u>ሕቶ፡-</u> ኣብቲ ዝወደቅክናሉ ቦታ ክንደይ ጊዜ ጸኒሕክን?

<u>መልሲ፡-</u> ኣብኡ ቀኍሩብ ጊዜ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነታ ጠልጠል ኢላ ዝነበረት እግረይ ብነጸላይ ኣብ መንኩበይ ዓጺፈ ብምእሳር ፍሑኹ እንዳበልኩ 15 ሜትር ድሕሪ ምኻድ ኣብ ሓደ መንደቕ ተኸዊለ በይነይ ኣብኣ ውዒለ፡፡ ሰዓት 5 ምሸት ሰብ ንያና ክኣቱ ይጅምር፤ ነቲ ሬሳታት ኣብ መንገዲ ኰሚሮም ይገድፍዎ፡፡ ንውጉኣት ከኣ ከካብ ዝነበርናዮ ይእክቡና፡፡ ክልተ መካይን ናይ ሲዲ ዓብደላሂን ገሎም ናይ ዝተባህለ ሃገራውን ንውጉኣት ንሆስፒታል ይወስድዎም፡፡ ሬሳታት ግን ኣብኡ ሓዲሩ ንጽባሒቱ ሮቡዕ ኣብ ዓበይቲ ጒድጓዳት ብጃምላ ተደፊኖም፡፡ ሓሙስን ዓርብን ከኣ እቶም ክሃድሙ ክብሉ ካብ ያና ወጻኢ እተቐትሉ እናተደልዩ ተረኺቦም ኣብ ደዓ ሪ ተቐቢሮም።

<u>ሕቶ፡-</u> ኣበየናይ ሆስፒታል ተሓኪምክን?

<u>መልሲ፡-</u> ኣነ ኣብ ላልምባ ሆስፒታል ኣትየ። ጠልጠል ኢላ ዝነበረት እግረይ ኣብኡ ቌሪጸምዋ። 30 ካብቶም ንሕክምና ዝመጹ ኣብ ሆስፒታል መይቶም። ብዙሓት ከማይ ሰንኪሎም ተሪፎም፡፡

<u>ሕቶ፡-</u> ካብ ስድራ ቤትክን ክንዳይ መይቶም?

<u>መልሲ፡-</u> 18 መይቶም።

<u>ሕቶ፡-</u> ድሕሪኡ ያና ከመይ ኰይና? ንሽኽንከ ኣበይ ኣቢልክን?

መልሲ፦ መንግስቲ ነቲ ተኾሚሩ ዝነበረ ሓምሹሽትን ያና ገዛውትን ንምሕባእ ነቲ መሬት ብቡልዶዘር የመዓራርይዎ። ካብ ርሑቕ ጻዕዳ ሓመድ ኣምጺኦም ይገብሩሉ። ሰብ ካብቲ ቦታ ፋሕ ኢሉ ርሒቑ፡፡ ኣነ ንሃይኮታ፣ ድሓር ንተሰነይ፣ ውግእ ብ1977 ምስ በርትዐ ከኣ ንሱዳን ከም ስደተኛ መጺኤ።

ሕቶ፦ ኣብ መወዳእታ እትብሎኦ እንታይ ኣሎ?

መልሲ፦ ካብቲ ሓደጋ ዝተረኽበሉ ጊዜ ክሳብ ሕጂ ወላ ብኣና ዝሓተተ የለን፡፡ ዝኾነ ኹይኑ፣ ከምዚ ሕጂ ጀሚርኩምዎ ዘሎኹም ናይ ህዝብኹም ስቓይ ከም ታሪኽ ንምሓዝ ዘሎኩም ተገዳስነት ዝምስገን ኢዩ፡፡

## ከምኡውን፣ ብዓል-ቤታ ንዓፍየት፣ ማለት ሓሰን ተክለስ ፍደል፣ ተወሳኺ ሓበረታ ሂቡ ነይሩ፤ጽማቕኡ ናይቲ ሓበረታ ከምዚ ዝስዕብ ሓቅታት ይገልጽ፤

ሓሰን ተክለስ፦ ከምቲ ብዓልቲ ቤተይ ዝነገረትኩም፣ ኣብ ፍራሽ (ሓዘን) ናይ ኢብራሂም ከሱራይ ከሎና ኢዩ ተኹሲ ዝጀመሩልና፡፡ ዒድ ሰንበት ውዒሉ ንሰኑይ፣ ብስክዲራ ኣንዲዶም፣ ሰብ ሓራሪዶም ንሰሉስ ንግሆ ንያና ይመጹ፡፡ ነቲ መቕተልቲ በቶም ኣብ ደገ ዝጻወቱ ቈልዑ ይጅምርዎ። በብዝኸኣልናዮ ህድማ ንፍትን፡፡ ኣነ ንላልምባ ገጸይ ክሃድም ከሎኹ ብድሕረይ ንዝትኵስ ወተሃደር ብእምኒ ኣብ እግሩ ሃሪመ ኣውዲቐዮ፣ ብዓቐብ ደይበ፡፡ ቅድም ብዙሕ ተኩሱለይ፣ ስረይ መንፊት ኵይና፣ ግን ጥይት ግዲ ወዲኡ ኣይቐተለንን፡፡ ካብ ጎቦ ላልምባ ንጽባሒቱ ክንቀብር ንወርድ፡፡ ብዓይነይ ዝርኤኹዎ ሬሳታት ካብ 600 ይበዝሕ፡፡ ሬሳታት ኣብ ክልተ ነዋሕቲ ጐደጐድ ብጃምላ ይቕበር ነይሩ፡፡ ብድሕሪኡ ብዙሕ እተረኽበ ሬሳታት ነይሩ፡፡ ኣብ ሆስፒታላትውን ብዙሓት መይቶም፡፡ ኣደይ፣ ክልተ ኣሕዋተይ፣ 5 ደቂ ሓፍተይ ኣብ ያና መይቶም፡፡

ማሕደር ንሱር ኣብርሀ፦ (ብ1987 ንመጽሔት ዓወት ቃሉ ክህብ እንከሎ ኣብ መደበር ስደተኛታትግርባ ይቕመጥ ነይሩ። ማሕደር ዝሃቦ ቃለ-መሕተት ከምዚ ዝስዕብ ሓቅታት ይገልጽ፦) ኣነ ኣብ ገድሉ ብ1967 ተሰሊፈ፤ በቲ መዓልቲ ህልቂት ያና ምስ ጀብሃ ኣብ ላዕላይ ባርካ ነይረ፡፡ ያና ዓደይ ብምዃና፣ ነቲ ሓቀኛ ምኽንያት ህልቂት ክፈልጥ ሾኡ ኣትሒዘ ብዙሕ መጽናዕቲ ገይረ፡፡ እቲ ኵሉ ዝብሃል ሓቅነት የብሉን፡፡ ምኽንያት ህልቂት ያና እቲ በተሓኤ እተፈጸመ መቕተልቲ ጀነራል ተሾመ እርገቱ ኢዩ፡፡ መራሒ ናይቲ ንጀነራል ተሾመ ዝቐንጸለ ድብያ ተሓኤ፣ ስውእ ገብረሂወት ሕንብርቲ ኢዩ ነይሩ፡፡ እተን እብቲ ናይ ሃብሮም-ቓኻ ዓመሊያ እተኻፈላ ኣሃዱዳት ከኣ ናይ ገብረሂወት ሓይሊ 333፤ ብስውእ ኣደም ሳልሕ (ሻንበል ቀይሕ) እትምራሕ ሓይሊ 551 ከምኡ ኸኣ ካብ ሳሕል ዝመጸ ናይ ፍዳእይን ናይ ሃንደሳ ጒጅለታት ነይረን፡፡

ያና ቀደም ሻካት ትብሃል ነይራ፡፡ ብውቤ ከምኡ ከኣ ብኻልኦት ወረርቲ 4 ጊዜ ዓንያ ነይራ፣ ድሓር ያና ዝብል ስም ለጊቡዋ፡፡ ቅዲሚ 1970፣ ያና ከምተን ናይቲ ከባቢ ዓድታት ንእሽቶ ዓዲ ኢያ ነይራ፡፡ ኮይኑ ግን ሰበ ስልጣን ኢትዮጵያ ንብዙሓት ዓድታት ካብ ዓንሰባ፣ ጀንገረን፣ኣፍ-ጭሩም፣ቤትጁክ፣ ዓድተክለስ፣ ዓድትማርያም፣ መንሳዕ፣ ሸምሊኹ፣ገብሲ፣ ኣማግዳ፣ ዓድዳፍላ፣ በሸሪ፣ ከርባበረድ፣ ካብ ምስ ጀብሃ ዝገብርኦ ምትሕግጋዝ ንምቍጽጻር ኣብኣ ንኽጥርነፉ ኣገዲዳ፡፡ ኣብቲ ካልኣይ መዓልቲ ናይ ማሕረድቲ እተቐብረ ሬሳታት 764 በጺሑ ነይሩ፡፡ ብድሕሪኡ እተረኽበ ሬሳታትን ኣም ሆስፒታል ዝሞቱን ወሲኽካ 1023 ከም ዝበጽሐ እፈልጥ፡፡

**ጃብር ኢብራሂም ዓብደልቃድር፥-** (ቃለ-መሕተት ክገብር እንከሎ ኣብ ከሰላ ተመሃራይ ወዲ 20 ዓመት ነይሩ። ካብቲ ዝሃቦ ቃል ከምዚ ኣሕጺርና ንጠቅስ፥-)

ካብ ሸምሊኹ ዝመጻእና ስድራ ኔርና። ወለድና ተፋቲሖም፣ ኣነን ሓፍተይን ምስ ዓባይና ንነብር ኔርና። ኣነ ብመዓልቲ ህልቂት ዖና ወዲ 3 ዓመት ነይረ። ዓባየይ ኣብ ርእሰይ ፌስቶ ገልቢጣ ሓቢኣትኒ። ንሳን ሓፍተይን ኣብቲ ገዛ ከለዋ ኣንዲዶመን። ኣነ ብዙሕ ነዲደ፣ ኣብ ውሽትቲ ፌስቶ ተረኺበ ብሂወት ተሪፈ። እቲ ኣብኡ ዝረኸበኒ ሰብ ንከረን፣ ድሒሩ ንኣቑርደት ውሲዱ ከሐክመኒ ፈቲኑ። ንሱ ኣብ ገድሊ ተሰሊፉ፣ ድሓር ተሰዊኡ። ንዓይ ጀብሃ ንከሰላ ከምኡ ከኣ ንካርቱም ወሲዳን ዝያዳ ሕክምና ገይራትለይ። ከሰላ ተመሊሰ፣ ኣብ ገዛ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ (ካብ መራሕቲ ጀብሃ) እናኣቶኹ እምሃር ነይረ። ድሓር ንሜዳ ክኸይድ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ነይረ።

***